


# ጽንብል መዓልቲ ናጽነት ኣብ ብሪጣንያ

መበል 18 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማታት ሚድልስብራ፣ ማንሸስተር፣ በርሚንሃማ፣ ሸፊልድ፣ ሊድስን ላንደንን ብድምቐት ተኸቢሩ።

ኣብ ላንደን ብ23 ግንቦት ካብ ሰዓት 20፡00 ምሸት ጀሚሩ ክሳብ ወጋሕታ ልዕሊ 2300 ዜጋታት ኣብ ዝተሳተፍሉ ኢዩ ብድምቐት ተባዒሉ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፣ ጽንብል መዓልቲ ናጽነት ወትሩ ንሓድሽ ክውንነት ኤርትራ እተንጸባርቕ፡ ሓመድ ድብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዘርኣየት፡ ትርጉም ዘለዎ ህላዌ ንምፍጣር ዝተኸፍለ መስዋእቲ ዘኽበረት ምዃኑ ብምግላጽ፣ ድምር መግለጺት ናይቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኸተሎ ናጻ መስመር ዘሓየለት፡ ዘላቕነት ዘለዋ ሃገር ኤርትራ ብናጻ ውሳኔን ስጉምትታትን ጥራይ ከምትምስረት ዘነጸረት፣ ልምዓት ሃገር ብናይ ገዛእ ርእስና ዓቕሚ ከምዝወሓስ ዘርኣየት፣ ንተጻብኦታትን ውዲታትን ኢድና ከይሃብና ንክንብደህ ዝደረኸት፣ ኣብ ልኡልዊነትና ሕድገት ከምዘይንገብርን ኣብ ሕድሪ ሰማእታትና ዘሎና ሓላፍነት ዋጋ ዕዳጋ ከምዘይንገብርን ዘረጋገጸት ዓመታዊ ኣጋጣሚ ምዃና ሓቢሩ።

በዚ መሰረት ኣምባሳደር ቀጺሉ ኣብቲ ናጻ ኤርትራዊ መስመር ኣንጻር ኩሉ ውዲታትን ተጻብኦታትን ምምካት፡ ኣብ ሃገራዊ ረብሓ ዝተሰረተ ዘላቂነት ዘለዎ ሃገርን ሓያል ሕብረተሰብን ምምስራት፡ ንቅልጡፍ ዝላ ጉዕዞ ልምዓት ምድራዕ፡ ውዳበን ተሳትፎን ዜጋታት ምሕያልን ኣብ ናጻ መስመር ዝተመርኮሰ ሽርክነትን ቃልሲ ሰላምን ምስፋሕ ከም መሰረታዊ ኣንፈታት ከምዝውሰድ ብምግላጽ፣ ኣብ ብሪጣንያ ነዚ ዘንጸባርቕ ተሳትፎን ሓላፍነትን ነብስወከፍ ዜጋ ንምዕዛዝ ይኹን ኣካል ናይዚ መስርሕ ንምዃንን ዝካየድ ስጉምትታት ዘርዚሩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ንውርሻ ሃገራዊ ቃልሲ ተንጸባርቕ ሙዚቃዊ ድራማን ክሳብ ወጋሕታ ብኣባላት ጉጅለ ባህሊ መኸተ ተሰንዩ ዝቐጸለ ባህላዊ ሳዕስዒትን ብልዑል ሓጎስን ድምቀትን ተኻይዱ። ዕለተ ልደት ኤርትራ ንምኽባር ድማ ምቑር ሕብስቲ ተቖሪጹ።

መዓልቲ ናጽነት ብተመሳሳሊ ኣብ ከተማ ማንሸስተር ልዕሊ 400 ዓበይትን ንኣሽቱን፡ ኣብ በርሚንሃም ልዕሊ 300 ዓበይትን ንኣሽቱን፡ ኣብ ሸፊልድ ኣስታት 200 ዓበይትን ንኣሽቱን፡ ኣብ ሚድልስብራ ድማ 30 ወጻእተኛታት ዝርከቡዎ ኣስታት 100 ሰባት ዝተሳተፉዎ ጽንብላት ናጽነት ተኻይዱ። ኣብ ማንሸስተር፡ በርሚንሃምን ሸፊልድን እቲ ጽንብላት ብንጥፈታት ቆልዑ ደሚቑ ኢዩ ብዒሉ። ኣብ ሊድስውን ልዕሊ 270 ዜጋታት ዝተሳተፉዎ መዓልቲ ናጽነት ኣብ 24 ግንቦት 2009 ተባዒሉ።

ብሓፈሻ ኣብ ብሪጣንያ <u>*“ወርሒ ግንቦት ንክብሪ መዓልቲ ናጽነት”*</u> ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 30 ሚያዝያ ጀሚሩ ኪካየድ ዝጸንሐ ዝተፈላለየ ንጥፈታት፡ 30 ግንቦት ኣብ ስኮትላንድ ብዝካየድ ጽንብል መዓልቲ ናጽነት ኪዛዘም ኢዩ። እቲ ኣብ ወርሒ ግንቦት ተኻየደ ሰፊሕ ንጥፈታት ዝሓቖፈ መደብ፡ መድርኽ ምምኽኻር ምስ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን፡ መድርኽ ምምኽኻር ምስ ተጋደልቲ፡ 3ይ ሰሚናር መኸተ መንእሰያት፡ መድርኽ ምምኻር ሙያዊያን ኤርትራዊያን፡ መድርኽ ምምኽኻር ምስ ወከልቲ ማሕበራትን ኣካላትን፡ ጋዜጣዊ ዋዕላ ምስ መዲያ፡ መደብ ቆልዑን ስድራቤትን ብኣጋጣሚ በዓል ናጽነትኣብ **Finsbury Park**፡ መድርኽ ምስ ቢዝነስን ኣውፈርትን መደብ ኣዕሩኽ መሻርኽትን ኤርትራንውን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ምሉእ ጸብጻብ ኣብ ቀጻሊ ኪቐርብ ኢዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ኮሚቴ ሓበሬታን ጎስጓስን - ሽማግለ መኸተ
24 ግንቦት 2009